# ቃለ መጠይቕ ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ዜናዊ ምስ ድምፂ ወያነ ትግራይ

ይኩኖ መስፍን
ቦስተን

ሰላም እንተሃልዩ ኩሉ ነገር ይከኣል:: ንልምዓት፣ ንዲሞክራሲ፣ ንፍትሒን ካልኦት ናይ ሀገር ዕቤት ቀንዲ ጉዳያት ሰላም ወሳኒን ኣድላይን ስለዝኾነ ምእንቲ እዚ ወሳኒን ኣድላይን ሰላም ንምምፃእ በዓሰረተታት ኣሻሓት መናእሰይ መስዋእቲ ከፊሎም ህዝቢ ከም ህዝቢ ተበሳቢሱን ተጎሳቚሉን ከምኡ’ውን ብሓፈሻ ናይ ሀገር ኢኮኖሚ ዓንዩ:: ምእንተ ሰላም:: ዋጋ ሰላም ከቢድን ሓያልን ዝገብሮ ካብቲ እትፈትዎ ሓውካን ሓብትኻን ወይ ካዓ ቤተሰብካን ስለዝፈሊ ዝያዳ መሪር መሪር ኢዩ:: ስለዝኮነ መብዛሕትናካብቲ ብኲናት እተሃሰየ ከባቢ ብምኳንና ኲናት ክንደይ ኩፉእ ምኳኑ ብተግባር ስለዝረኣና ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ኣብ ሃገርና ዳግም ኲናት ንከይመፅእ ብዝተኻእለ መጠን ክንቃለስ ይግባእ::

እዚ ከቢድ በረታዊ ተጋድሎ ሓሊፉ ሰላም ምስዝርከብ ድማ እቶም ስዒቦም ክመፁ ዝግበኦም ዓበይቲ መሰረታዊ መበገሲ ቃልሲ ዝነበሩ ጉዳያት ሃገር ክመፁን ክረኣዩን ኣለዎም:: መስዋእቲ ዋጋ ሓርነት፣ መስዋእቲ ዋጋ ፍትሒ፣ መስዋእቲ ዋጋ ምኽባር መሰል ወዲ ሰብ፣ መስዋእቲ ዋጋ ዴሞክራሲ፣ መስዋእቲ ዋጋ ልምዓት ስለዝኾነ::

ሃገርና ኢትዮጵያ  ድሕሪ ናይ 17 ዓመታት መሪር ብረታዊ ቃልሲ ናይ ሰላም እሰትንፋስ ክትረክብ ክኢላ ኢያ:: ዓበይቲ ናይ ልምዓት ስራሕቲ’ውን ተጀሚሮም ናብ መንገዲ ዕቤት ሓደ ኢልና ክንስድር ጀሚርና ነይርና ኢና:: ዓበይቲ ናይ መንገዲ ምዝርጋሕ ስራሕቲ፣ ምዝርጋሕ ሃይሊ ኤሌክትሪክ ስራሕቲ፣ ምስፍሕፋሕ መራኸቢ ስልኪ፣ ቀረብ ፅሩይ ዝሰተ ማይ፣ ምስፍሕፋሕ ትምህርቲ ከምኡ’ውን ካልኦት ኣገደስቲ ልምዓታዊ ምንቅስቓስ ብምጅማሮም ይበል ዘብል ክቕፅል እውን ክባራታታዕ ዝግበኦ ቅኑዕ ተግባር ኢዩ ኢለ ይኣምን::

ኣብ ፖሊቲካዊ ጉዳይ ሃገርና ግን ማለት ኣብ ህንፀት ዴሞክራሲ፣ ምኽባር መሰል ደቂ ሰባት፣ፖሊሲ ጉዳያት ወፃኢ ከመኡ’ውን ፍትሒ ቡዙሕ ቀኒዕኻ ክትዛረበሉ ዘይትኽእ ጉዳይ ኮይኑ ይርከብ:: እዚ ድማ ኣብ ሃገርና ዘሎ ጭቡጥ ኩነታት ዘረጋግፆ ሓቂ እዩ:: እዞም ዝተፀርሑ ኣገደስቲ ጉዳያት ዓድና በቢ ሓደ ክረኣዩ ዝግበኦም እዋናዊን ቀንድን ሽግር ሃገርና ኢዮም:: ክረኣዩን ክንማያየጠሎምን ፍታሕ ክረኽቡ ድማ ኩላትና ይግድሽና እዩ እንብል ዜጋታት ናይ ዓቕምና ክንገብር ኣለና ይብል::

ንሎሚ ብዛዕባ ፖሊሲ ጉዳያት ወፃኢ ሃገርና ኣብ ክሊ ቃለ መጠይቕ ኣይተ መለስ ዜናዊ ምስ ራድዮ ድምፂ ወያነ ሕፅር ብዝበለ መልክዑ ክንርኢ ከምዝስዕብ ኣቕሪበዮ ኣለኹ::

ዓይጋ ፎሮም ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ክቡር ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ዜናዊ ኣብ ራድዮ ድምጺ ወያነ ትግራይ ብዛዕባ ህሉው ኩነታት ኢትዮጵያን ኤረትራን ሕቶታት ከምዝቕበሉን ኣብ ሓፂር እዋን ድማ ነቶም ዝተሓተቱ ጉዳያት መልሲ ከምዝህቡን ኣንቢብ ንክውንነቱ ድማ ተከታቲሉ:: ዓይጋ ብዝኣተውዎ ቃል መሰረት ቃለ መጠይቕ ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ዜናዊ ምስ ድመጺ ውያነ ሒዞምልና ጠበቕ ኢሎም::

እቲ ቃለ መጠይቕ ከም ኢትዮጵያዊ ብፍላይ ድማ ከም ትግራዋይ ብሰንኪ እዚ ህንዱድ ወራሪ መንግስቲ ሻዕብያ ዝተገበረ ኩናት ዝበፅሀ ክሳራን በደልን ብቐረባ ስለዘሕመኒ ጥራሕ ዘይኮነስ ሕዚ'ውን ኣብ ልዕሊ እዚ ትማሊ ባሻዕብያ ዝተገፍዐን ዝተቐተለን ህዝቢ በደል ይፍፀም ብምህላዉ ንቃለ መጠይቕ ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ብፅሞና ክሰምዖን ክከታተሎን ፈቲነ::

ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ሰፊሕ ቃለመጠይቕ ኢዮም ጌሮም::  እቶም ሓተትን እቶም ናይቲ ሕቶታት ቁምነገራት ብበዝሒ ዓበይቲን መሰረታዊን ጉዳይት ኢትዮጵያን ኤረትራን ዝረአየ  መድረኽ ኢዩ ነይሩ:: ተሳተፍቲ ብፍላይ ካብ ሎንደን፣ ሽመልባ ማእኻል ስደተኛታት ኤርትራ፣ ኣሰመራ፣ ኣሜሪካ፣ ኣውሮፓ፣ ኣዲስ ኣበባ፣ መቐለ፣ሰዑድ ዓረብን ካልኦት እንትኾኑ መብዛሕቶኦም ኤርትራውያን ምንባሮም ግልፂ ኢዩ:: እቶም ዝተሓተቱ ቁምነገራት እዚ ሽግር እዚ ተፈቲሑ ናይ ኤርትራውያን ፀገም ከመይ ይፍታሕ ኣብዝል ዘድህበን ናይ ሻዕብያ ተቓወምቲን ዓበይቲ ተፈለጥቲ ውልቀ ሰባት ዝነበርዎን ዝሓተቱሉን መድረኽ ማንባሩ ኢዩ:: ኣብ ምኽባር ቀዋሚ መሰረታዊ ጥቕሚ ህዝቢ ኢትዮጵያ ሕቶ ኮነ መልሲ ዘዕግብ ኣይነበረን::

እስኪ ነቶም ዝተላዕሉ ሕቶታትን ዝተዋህቡ መልስታትን ብፍላይ ድማ ዓባዓበይቶም ነጥብታት በቢ ሓደ ንርኣዮም::

ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ብዛዕባ ውሰነ ሄግ ምቕባልን ዘይ ምቕባልን እንትሕተቱ ንሕና ይብሉ ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ውሳነ ሄግ ብዘይ ምንም ቅድመ ኩነት ተቐቢልናዮ ኢና:: እንትኾነ ግን ነዚ ውሰነ ዘይተቐበለ ስርዓት ሻዕብያ ኢዩ:: ንሕና እንብል ዘለና እቲ ውሳነ ናይ ቤት ፍርዲ ውሳነ ስለዝኾነ ዋላ ኣይንፍተዎ ተቐቢልናዮ ኣለና ግና ኣብ ኣፈፃፅሙኡ ቁሽታት ከይኀዛዘያ ብእንካን ሃባን ወይ ድማ ብላውጣ ንፈፅሞ ኢና ንብል ዘለና:: እንተዘይኮይኑ እቲ ጉዳይ ቁሸት ባድመ ናብ ኢትዮጵያ ኣተውት ኣይኣተወት ኣይኮነን ትጉዳይ::

ቀዳማይ ስሕተት ቀዳማይ ሚኒስተር

ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ኣብ 1998 ሻዕብያ ተሃንዲዱ መሬት ባድመ ምስወረረ ንቢቢሲ ቃለ መጠይቕ ጌሮም ነይሮም:: ኣብቲ እዋን እቲ ጠያቂ ቀዳማይ ሚኒስተር እዚ ኩናት ብጣዕሚ ሕማቕ ክኸውን ኢዩ ዝመስል:: ክልቴኹም ተፎኻኻርቲ ዓብይ ምድላው ኢኹም ትገብሩ ዘለኹም እዚ ርግፅ ኢልኩም ዲኹም ሓሲብኩሙሉ? ብሱሩባ እቲ ዝተወረረኩም መሬት ስፍሓት ክንደየናይ ኮይኑ ኢዩ

ኢሉ ሓተቶም:: መልሲ እቲ ኲናት ብጀማርነትን ወራርነትን ሻዕብያ ከምዝኾነ ንሕና ሕዚ'ውን እንተኾነ ሻዕብያ ናብቲ ቅድሚ ወራር ዝነበሮ ቦታ እንተተመሊሱ ንሰላም ድልዋት ማኳንና ድሕሪ ምርዳእ እቲ ዝተወረረ መሬት ግና 40/40ሰኬር ኪሎሜትር ኢዩ በሉ:: እማን ባድመ ብጣዕሚ ገዚፍ መሬት ሕርሻን ትሕተ መሬት ማአድናት ዘለዎ ብቐደም ምክትል ወረዳ ዝነበረ ሰፊሕ መሬት እናሃለወ ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ትማሊ እንታይ ከምዝሓሰቡ ቁሸትያ ኢሎም ክዛረቡ ብምስማዕና ብጣዕሚ ንሓዝን ዓብዪ ጌጋ ኢዩ ካብ ምባል ሓሊፍና አብ ስሳታት ምክትል ወረዳ መማሓደሪ ኮይኖም ዘማሓድርዎ ዝነበሩ በረምበራስ ጥላሁን አብረሃ አብርሲ መሬት አብ ሀገሮም ስለዝርከቡ ቀዳማይ ሚኒስትር ነቐደም ሕተቱ ቅድሚ ምዝራብኩም ንምባል ኢዩ:: ቀደሙ'ውን እኮ ብሻዕብያ አብሄግ ዝተሳዓርኩም ነዞም ቀወምቲ ሀብቲ ሃገር ዝኾነ ዓበይቲ ዓድን ካልኦት በዚጉዳይ አፍልጠ ዘለዎም ሙሁራት ምምኻር ከምትምክሕቲ ስለእትቖፅርዎ አብቲ ዘኒሄናሉ ናይ ስዕረት ፅዋ ሃገርና ኢትዮጵያ አስቲኹምዋ እሞ ከምዚ ኢልካ ክሳብ መዓዝ:: ንዝፈልጥ ምምኻር ብልህና ስለዝኾነ::

ዝስዕብ አገዳሲ ሕቶ  ህወሓት ኢህወደግ ናብ አዲስ አበባ እንተምርሕ ምስኡ ሒዝዎ ዘመፀ ሕቶ ጉዳይ ኤርትራን አፈታትሐኡን መብዛሕትኡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ስለዘይተቐበሎ ንህወሓት ኢህወዴግ ካብ ዘፅልእዎ ሓደ ዓብይ ነጥቢ እዚ ስለዝኾነ ቅድሚሕዚ ብዝገበርኩሞ ይኹን ሕዚ አብ ኤርትራ እትኽተሉዎ ዘለኹም ፖሊሲ ክትፍትሽዎ ዝግባእ ነገር አሎዶ? ዘናሳሓኩም ነገር ከ አሎዶ? ተባሂሎም እንትሕተቱ መልሲ ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ዘስደምምን ዘሕፍርን ኢዩ::

ብቐዳምነት ቅድሚ ናብቲ መልሲ ምእታውና ሕቶ ህዝቢ ኤርትራ ሕጋዊን አግባብ ብዘለዎ መንገዲ ክፍታሕ ሰፍ ዘይብል መስዋእቲ ተኸፊሉዎ ኢዩ:: ነዚ ዝፃባእ እቲ ነቲ ብአማኢት አሻሓት ሂወት ዝበልዐ ኲናት ክቕፅልዝደሊ፣ እቲ ሃገርና አብ ክንዲ መንገዲ ሰላምን ልምዓትን ንዘልአለም አብ ልመናን ተፀባይነትን ክትነብር ዘግብር ፖሊሲ ስርዓት ደርግ ዝኽተል ሓይሊ ኢዩ ጥራሕ ዝኾውን:: እቲ ጉዳይ ናይ ኤርተራ ምኻድን ዘይምኻድን አይኮነን አፈፃፅማ ሪፈረንደምን ድሕሪ ምንፃል ኤርትራ ዝሰዓበ ጣጣ እዩ ዘባሰ ዘሎ::

 እዚ ስለዝኾነ አብዘሓ ህዝቢ ኢትዮጵያ ጉዳይ ኤርትራ መራሕቲ ህወሓት ኢህወዴግ ሒዞሞ ብዝመፁ ፖሊሲ መሰረት ተግባራዊ ምኳኑ ሕጉስ ከምዘይኮነ ግልፂ ኮይኑ ዝረአ ሓቂ እናሃለወ ከምኡ'ውን ድሕሪ ምግንፃል ኤርትራ አብ ሞንጎ ክልቲኤን ሃገራት ዝነበረ ርክብ ዘይተመጣጣኒ ምንባሩ ጥራሕ ዘይኮነስ ኤርትራውያን አብ ኢትዮጵያ ክሳብ ሰብ ቀቲሎም ከምድላዮም ንዓዱም ይኸዱ ምንበሮም፣ ኢኮኖሚ እቲ ሃገር ብግልፂን ብስርቂን እንትጉሕጉሑዎ፣ አብ ኤርትራ ዝነብሩ ኢትዮጵያውአን ብግፍዒ እንትቕተሉን እንትባረሩን፣ ምላሽ ህወሓት ኢህወዴግ እንታይ ነይሩ::

 ብአጠቓላሊ ብሰንኪ ጉጉይ አመራራሓ ህወሓት ኢህወዴግ አብ ኢትዮጵያ ንዝተፈጠሩ ሽግራት ኩሎም ተሓታቲን ፈጠርቱን  ባዕሉ እቲ አብ ስልጣን ዘሎ ሓይሊ ጥራሕ ኢዩ:: ህወሓት ኢህወዴግ ናብ ስልጣን ካብ ዝመፅእ አትሒዙ ናይ ህዝቢ ጠርዓንን ክፋእን ሰሚኡ አይፈልጥን ኢዩ:: ብፍላይ ኤርትራውያን አብ

መገዛእ ዓድና ከምዚ ይገብሩና አለው፣ ንብደል አለና፣ የጋፉዕና አለው፣ መሬትና ክወሩ ይሻባሸቡ አለው ንዳለው ዝብሉን ካልኦትን ብህዝቢ እንዳቐረቡ ዝፀንሑ ጥርዓናት ነይሮም ምላሽ ውድብ ግና መባአሰቲ ዕረፉ ዝብልዩ ዘነበረ:: ካልኦት ወረፋን እዩ አብ ልእሊ ህዝቢ ዝበፅሕ ዝነበረ::

ንሕና ኢትዮጵያውያን ከም ዜጋታት አብ ሀገርና ዝበፅሐ ጉድአት ብእንዝህላልነት መሪሕነት ህወሓት፣ ዝተወረርና'ውን ብሰንኮም እንበር ህዝቢ እንተዝስማዕ እማ እቲ ሕዚ እንሪኦ ዘለና ውርደት አይመጋጠመን:: ሻዕብያ ናይ ኤርትራ መራሒ ዳአምበር ናይ ኢትዮጵያ ክሳብ ዘይኮነ ንሕና መራሕትና ሉዓላዊነት ሀገርና ክሕሉውን ክከላኸሉን ኢዮም ስልጣን ሒዞም:: ስለዚ ነዚ አብ ምትግባር ዝወደቑ መራሕቲ ኢትዮጵያ ኢዮም:: አይተ መለስ ግና ተጋጊና ነይርና ህዝቢ ይቕርታ ግበረልና አውሪርናካ አግፊዕናካ ኢልካ ጌጋታትካ አሪምካ ምስ ህዝቢ አብ ክንዲ ምትዕራቕን ንቅድሚት ሓቢርካ ናይ ሓባር ፀላእቲ ምቅላስን ነዚ ድፍን ሀገር ዝፈልጦ ጉጉይ ፖሊሲኦም ክሽፍኑን አሉ ቀጣን ክብሉ ምርአይና እቲ ዘሕዝን ፀሊም ነጥቢ ክድዓት መራሕቲ ውድብ ህወሓት ምኳኑ ኢዩ::

መልሲ ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ግና ሓደ ናይ ኤርትራ ሕቶ ናይ ዘይምቐባል ምስ ትምክሕቲ ብምትሕሓዝ ጉዳዩ ናይ ተረፍ መረፍ ደርጋውያን እንበር አብ ህዝቢ ከመዚ ዓይነት ፀገም ከምዘይለ ክስምዑሉ ፈተኑ:: እቲ ዝተለመደ ናይ መሰል ዓርሰ ውሳነ ብሄር በሄረ ሰባት ፕሮፓጋንዳ ብምዝፍዛፍ እንኳይዶ ኤርትራ ነተን ዘለዋ ብሄር በሄረሰባት ኢትዮጵያ'ውን ዝተዋህበ መሰል ስለዝኾነ አብ ዝገበርናዮ ዘናሰሓና የለን በሉ:: ኮታስ አብ ዝሓለፈ ኮነ ሕዚ እንናሰሓሉ ነገር የለን:: አይተ መለስ እንትገልፁ ሻዕብያ ብዙሕ ሕማቕ ነገር ይገብር ከምዝነበረ ንፈልጥ ነይርና ንአብነት ብዙሓት ኢትዮጵያውን ካብ ኤርትራ ብዘይ አግባብ እንተባርር ከም ዓዱ ኳ መሰል እንተሃለዎ ንሕና ግና ነዚ ጉዳይ ምስቲ መንግስቲ ንዛራረበሉ ነይርና:: አብ ሀገርና ናይ ፀሊም ዕዳጋ በመንግስታዊ መሓውር አቢሉ ይሰርሕ ከምዝነበረ ንፈልጥ ነይርና:: ንዘራረበሉ'ውን ነይርና::

እቲ ሓቂ ግን ንሱ ድዩ? ሓፋሽ ህዝቢ ኢትዮጵያ የፈልጥ ስለዝኾነ ናይ ሬኮርድ ጉዳይ'ውን ስለዝኾነ በዙሕ ዘካትዕ አይመስለኒን:: አብ 1983 ኢትዮጵያ ግፍዐኛ መንግስቲ ሻዕብያ ንአሻሓት ኢትዮጵያውን ብግፍዒ እንተባርር ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ዝሃብዎ ምላሽ እንተነበረ ወረ ንሱውን ንሳቶም ኮይኖም እንተቐተሉዎምስ እንታይዶ ክንገብር ኢና? እዞም ተባሪሮም ዝበሃሉ ዘለው እኮ ናይ ኢሰፓ ካድራትን ሰለልቲን ቤተሰቦምን ኢዮም ምባሎም ብቪድዮ ዝተደገፈ ንጋዜተኛታት ዝሃብዎ መግለፂ ህያው ምስክር ኢዩ::

ሕዚ ደአ እንታይ ኢዮም ዝብሉ ዘለዉ ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ? ሻዕብያ ክወርር ሰራዊት ብበዝሒ የሰልጥን አሎ እንትባሃል አይ እዚ ናይ እንዳሰዋ ዘረባ ኢዩ ንሕና እኮ ብደምን ብዓፅምን ዝተአሳሰርና ህዝብታት ኢና መን ንመን ክቐትሎ? ዝበሉ አይተ መለስ ዶ አይነበሩን ወየ ዳአ አይተ መለስ ረሰዓይ ግዲ ኮይኖም እንበር ሻዕብያሞ ንህዝቢ ትግራይ ባዕሉ ኮነ ምስ ካልኦት ደመኛ ፀላእትና ኮይኑ እናቐተለናን እናሓረደናን እዩ መፂኡ::

እቲ ዘግርም  ወየ ንፋዕ ፈላጥ እይተ መለስ አሻባይ እዮም ረሲያሞ ሻዕብያ ህዝብና ብ1977 ብዘጋጠመ ናይ ድርቂ ሓደጋ በዓሰርተታት አሻሓት ፈቖዶ እግሪ ኦም ክውዳእ ዝገበረ ምኳኑ? ምስ ደርጊ ብምምሽጣር ህዝብና ተለዋጢ ፅርግያ እንትፀርግን እንትኳዓዝን ሰለባ ሚጋት ደርጊ ዝገበረ መን ደዩ ነይሩ? እዚስ ርሑቕ አይነበረን እንተኾነ ግን አመራራሓ አይተ መለስ ዘይተቐበለ ኩሉ ፀረ ሰላም፣ ፀረ ህዝቢ፣ ትምክሕተኛ ካልኦትን ኢልካ ምቕላም ካብኦም ሓሊፉ ደገፍቶም እውን ንዝእርምዎምን ዝካትዕዎምን ኮሎም እዘን አብ ላዕሊ ዘለዋ ቃላት እየን ዝሸልምዎም:: ወየ ዲሞክራሲያዊ ጥርናፌ ግዲ ኢዩ ኮይኑ::

ቀፃላይ ሕቶ ብዛዕባ ሻዕብያ (አሸበርቲ)  ተቓወምቲ ሓይልታት ብምስልጣንን ብምዕጣቕን ሃገርና ኢትዮጵያ ክትብተን ዝከአሎ ኩሉ ይገብር አሎ:: እዚ ጥራሕ ውን ከይአክል ዕጡቓት ወታሃደራት ኤርትራ እንዳሰደደ ናይ ሀገርና ሉዓላዊነት ካብ ምድፋር ሓሊፉ ባዕሉ ዓፋኒ ባዕሉ ተዳራዳሪ ብምኳን ሰላም ዓድና ይዘርግ አሎ:: ነዚ ንሰኹም እንታይ ትገብሩ አለኹም ንዝብል ሕቶ እንትምልሱ ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ
ሻዕብያ ጉንዲ አይኮነን:: ሻዕብያ ክርቢት ሒዙ አብ ኩለን ቦታታት ከቃፅል ኢዩ ዝደሊ ዘሎ:: ሻዕብያ እዚ ባዕሉ ክገብሮ ስለዘይኽእል ዕሱባት አለውዎ በኦኦም አቢሉ ድማ ኢዩ ክገብሮ ዝደሊ:: ስለዝኾነ ካብ ነታ ክረቢት ምጥፋእ ነቶም ዕሱባት ምእራይ እዩ እቲ ዝሓሸ መንገዲ:: ሻዕብያ ዕሱባት ኢትዮጵያውያን ክስእን ምግባር ኢዩ:: ስለዚ ነቶም ዕሱባት ኢና ክንአሪ በሉ::

እዚ አባሃላ እዚ ብመሰረቱ ኢዩ ጌጋ ዝመስለኒ:: ብቐዳምነት ሻዕብያ ሃገርና ኢትዮጵያ ንምብታን ዘይፍልቅሎ እምኒ የለን:: እቲ ስረሑ እውን አብ ህዝብና ከበድቲ ጉድአታት እናብፀሐ ይርከብ:: አብ ከባቢ ኣፋር፣ አብ ክልል ሶማል ኦጋዴን ከምኡ'ውን አብ ክልል ኦሮሚያን ሰሜናዊ ክፋል ሃገርናን ዝበፅሖ ጉድአታት ቀሊል አይኮነን:: ሂዎት ክባር ስለዝኾነ እንባን ዶ እቲ ዝረአ ዘሎስ ሓደ ዜጋ ውን እንተኾነ ዓብይ ጉድአት ኢዩ:: እዚ ስለዝኾነ አባህላ ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ጌጋ እዩ ዘብለኒ ቀንዲ ነገር እንካብ ንኹሎም ዕሱባት ክትአሪ አብ ዓድኻን ህዝብኻን ንኩናትን ሽግርን እትዕድም ነታ ሓንቲ ኢድ ክርቢት እትዕድል ዘላ ሰራም ኢድ ምስባር ወይ ምቕራፅ እዩ እቲ መድሓኒት::

ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ሻዕብያ ክርቢት ሒዙ ከቃፅል ይደሊ ከምዘሎ ገሊፆም ዳሓር ደአ ናበይ ናብ ዕሱባት ነታ ክርቢት ዝሓዘት እንተይ አቃፀለት ንባዕላ ክትቃፀል ምግባርን እቶም ዕሱባት'ውን ክርቢት እንተይረኽቡ ክተርፉ ሞ ናብ ሰላምን ህጋዊን መንገዲ ከመፁ ምግባር ኢዩ እቲ መልሲ ክኸውን ዝነበሮ ክቡር ቀዳማይ ሚኒስተር:: ሻዕብያ ክሳብ ዝሃለወ ዕሱባት ይሳአኑ እዮም ኢልካ ምሓሳብ የዋህነት ይመስለኒ:: ንሱ'ውን ነቶም ዕሱባት ሓዊ ምቕባል ክገድፍ ኢዩ ኢልካ ምሓሳብ ዘበት ኢዩ:: ስለዚ ካብያ ጉይይ ማዓልስ ክሳድ ማሓዝ ወይድማ አህያውን ፈርተው ዳውላው ከምዝባሃል ይመስል::

ካሊእ ዝተላዕለ ሕቶ ብዛዕባ አይተ ስብሓት ነጋ አብ ዝሃለፈ እዋን ምስ ራድዮ ድምፂ ወያነ ዝገበርዎ ቃለ መጠይቕ ኢዩ:: እቲ ሕቶ አይተ ስብሓት ንሕና ኢህወደግ ሕዚ ኤርትራ ዝወርር ሓይሊ እንተዝመፅእ እቲ ዘሎ ናይ ኢህወዴግ

አመራራሓ ወይ መንግስቲ ኢዱን እግሩን አርኒቡ ስኽ አይብልን አነ ክሳብ ዝፈልጦ ኢሎም ነይሮም:: ከምኡ'ውን ሻዕብያ ምስደርጊ ክዕረቕ ኢሉ ነይሩ ንሕና ተሪርና ስለዝተቓለስና ግን አይኮነሉን ስለዚ ብጉዳይ ኤርትራ ካበ ሻዕብያ ንላዕሊ ጠጠው ኢልና ኢና ኢሎም ነይሮም ነዚ ከመይ ተሪኦ::

እቲ መልሲ ካብ ናይ አይተ ስብሓት ነጋ ብመሰረቱ እኳ ዝፍለ እንተዘይኮነ ባዓብይኡ ግን እቲ ጉዳያ ናይ ኤርትራውያን ሓላፍነት ምኳኑ ድሕሪ ምጋላፅ ሓደ ሓደ ልስልስ ዝበሎ ቃላት ብምጥቃም ንሕና እትዮጵያውያን ከም ህዝቢ ንባዕልና ኮነ ንካልእ ህዝቢ ኢልና ንኤርትራ ክኀብጥ ዝኽእል ሓይሊ ከይቦቅል ምቅላስ አለና ድሕሪ ምባል ብመሰረቱ ግን አይተ መለስ ካብ አባህላ አይተ ስብሓት መሰረታዊ አፈላላይ ከምዘይብሎም አስመርሉ::

አብዚ ጉዳይ እዚ አባህላ አይተ ስብሓት እኳ ብዙሕ'ውን ስለዝተባህለ ህዝብና'ውን ከምዘይቕበሎ ጊሂዱ ዝተራእየ ሓቂ ኢዩ:: ነዚ *ክጳጳሱ ቆሱ* ካብ ምባል ካሊእ ክበሃል ዝከአል አይመስለንን:: እንተኾነ ግን አይተ ስብሓትን ቀዳማይ ሚኒስትር መለስን አብዚ ሕዚ እዋን ማራሕቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኮይኖም እናሃለው አብ ዝባን 80 ሚሊዮን ህዝቢ እትዮጵያ ብዛዕባ ኤርትራ ካብ ሻዕብያ ንላዕሊ ንሕና ኢና እንሕለቕ ኢሎም ድቃስ እንትስእኑ እንታይ ንምርካብ ወይ እንታይ ማለቶም ምኳኑ ዘይተመለሰ ሕቶ ኮይኑና አሎ::

አብ መውዳእታ ንኩሎም ዝተላዕሉ ሕቶታት አልዒልካ ቡዙሕ ክበሃል ይካአል ነይሩ መንበቢ ንዘይምስልቻው አብተን ቀንደን ዓበይቲን ጉዳያት ብምትኳር ንሎሚ አብ ላዕሊ ዝጠቐስኩዎም ነጥብታት በተወሳኺ ምስ ቀዳማይ መለስ ዜናዊ ዝተሰማማዕኩላ ነጥቢ አልዒለ በዛ እትቕፅል ሓሳብ ሓሳበይ ክድምድም::

ቀዳማይ ሚኒስትር መለስ ጉዳይ ኢትዮጵያን ኤርትራን ንሶም አብ መንግስታዊ ሓላፍነት እናሃለው ይፍታሕ ዶ ይመስሎም?

መልሲ ክቡር መለስ ዜናዊ አነ አብ ሓላፍነት እናሃለኹ እዚ ሽግር ክሪኦ እነተለኹ ዝፍታህ አይመስለንን! እወ አነ በይነይ አይኮንኩን ናይ መብዛሕትኡ ኢትዮጵዊ ድሌትው'ንዩ:: ንሶም አብ ስልጣን እናሃለው እዚ ሽግር እዚ ክፍታሕ የብሉን:: አሜን::

ዘልአለማዊ ክብሪ ንስዋእት!
ናይ ሰላም ናይ ልምዓት መሌንየም!